**ሰውራዊ ደሞክራሲያዊ ግንባር ኤርትራ**

الجبهة الديمقراطية الثورية الاريترية

# ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT

## ኣብ ሓድሽ መድረኽ ብቕኑዕ ራእይ፡ ተወፋይነትን ጽንዓትን ሰኒቕና ንቃለስ!!

ዲሞክራስያዊ ተጋድሎና፡ ብብዙሓት ሕልኽላኻት እናተፈተነ፡ ሓያል ዓቕብ ቁልቁል እናጋጠሞ ይቕጽል ኣሎ። ብርግጽ ኣብ ቃልሲ ዘጋጥም ባህርያዊ ነገር እዩ ክበሃል ይከኣል። ግን ከኣ ናትናስ ፍሉይነታት ከምዘለዎ ክንክሕድ ኣይንኽእል። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ንውድቀቱ ዝዕድሙ ከበድቲ ፈተናታት ከጋጥሙዎ እንከለዉ፡ ነዞም ዕድላት እዚኦም መሊእና መዝሚዝና፡ ኣብ ረብሓ ዲሞክራስያዊ ቃልስናን ዓወት ህዝብታትናን ክነውዕሎም ኣይበቓዕናን። እዚ ስርዓት'ዚ፡ ኣብ ከቢድ ፈተና ወዲቑ፡ ዓፍራ ከውጽእ እንከሎ፡ ንሕና ከም ተቓለስቲ፡ ነታ ዝሓነቐቶ ምራን ክነጥብቓን ሞቱ ክነቀላጥፍን ኣይተዓደልናን። ብኣንጻሩ እቲ ኣብ ሞንጎና ዝተዓብዓበ ፍልልያት ናብ ቅርዓት እናኖቶገ፡ ኣብ ሕድሕድና ክንባላዕ ወርቃዊ ዕድላት ከምልጡና ከምዝጸንሑ፡ ይትረፍ ንዓና፡ ንህዝብታትናን ፈተውትናን ዘይተሰወረ፡ ስጊንጢር ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። ክንእከብን ክነድምዕን ኣብ ዝተጋባእናሎም መድረኻት፡ ዝፈናጥሑና ፈንጂታት እናተጻወዱ፡ ንጽባሒቱ ሕቖን ከብድን ኮይና፡ ክንናቖር ናይ ቃልሲ ዕድሜና ብኽንቱ ክንሕሸሽ ጸኒሕና ኢና። ከቢድ ዋጋ ድማ ኣኽፊሉና እዩ። ሎሚ'ውን መሊኡ ኣይሰረየልናን። እምነት ህዝብታትና ካብ ምኽሳር ዝኸፍእ ዋጋ ድማ የልቦን። ይኹን'ምበር፡ መበገሲና ዝኾኑ መሰረታዊ ጸገማት ህዝብታትና፡ ሎሚ'ውን መፍትሒ ብዘይምርካቦም፡ ዲሞክራስያዊ ቃልስና ካብ ምቕጻል ኣይዓረፍናን።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሃገርናን ከባቢናን ሓደስቲ ተርእዮታት እናማዕበሉ ይመጹ ኣለዉ። ኣብ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ዘርዚርካ ክውድኡ ዘይክእሉ ተርእዮታት እዮም። ከምዝፍለጥ ህዝብታትና ንነጻነትን ልኣላውነቶምን ብጅግንነት ተጋዲሎም ተዓዊቶም'ምበር፡ ዝተጸበዩዎ ለውጢ ከምዘይረኸቡ ደጋጊምና ዘስመርናሉ ሓቂ እዩ፤ ካብ ጽባሕ ነጻነት ክኾነሎም ዝተመነዩዎን፡ ርእሰ ፋሽሽት ኢሳይያስን ጉጅልኡን ዝተግበሩዎን ፈጺሙ ዘይራኸብ ኮይኑ። ምሕደራ እዚ ስርዓት'ዚ፡ ካብ ምሕደራ ባዕዲ ዝኸፍእ'ምበር ዝሓይሽ ኮይኑ ኣይተረኸበን፤ ህዝቢ ኣብ ሃገሩ ክብሪ ዝተጸበየ፡ ሂወቱ ሓሳረ መከራን ውርደትን ኮይኑ ክዕደሎ ጸኒሑን ኣሎን።

ገባቲ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ድሮ ነጻነት "<u>ኤርትራ ማሕበራዊ ፍትሒ ዝሰፈና ሃገር ክትከውን እያ፡</u>" ዝበላ፡ ድኽነት ብማዕረ ዝመቓርሓላ፡ ዝነበራ እናሰኣነት ናብ ውድቀትን ፍሽለትን ክተንቆልቁል ትርከብ። ኢሳይያስ መንበረ ስልጣኑ ኣጣጢሑ ምስ ሓዘ፡ ሕቶታት ህዝቢ፡ ኣባላት ሰራዊትን ኣካለ ስንኩላንን፡ ናይ ኣሽካዕላል መልሲ ክህብ ብተደጋጋሚ ሰሚዕናዮ። ኣብ ስራሕ ዝነበሩ ዜጋታት፡ ብምጽልጻል ምስ ስድረኦም ናብ ዝኸፍአ ድኽነትን ሓሳረ መከራን ከሳጥሖም ተራእዩ። ካብ ጽባሕ ነጻነት ኤርትራ፡ ብሓደ ወገን ንህዝቢ ኣብ ትሕቲ ጨካን ኣገዛዝኣ እናጥሓለ፡ በቲ ካልእ ወገን፡ ካብ እቶት ዘለዎም ዜጋታት፡ ብሽም ኣዋጅ መሕወዪ ግብሪ 2% ካዝንኡ ክመልእ ስርሐይ ኢሉ ተታሓሒዙዎ ዝጸንሐ ጨካን ፖሊሲ እዩ። ኣብ'ታ ብመስዋእትን መቑሰልትን ወለዱ፣ ኣሓቱን ኣሕዋቱን ነጻ ዝወጸት ሃገሩ፡ ሰላም ረኺቡ፡ ተማሂሩ ሰሪሑ ንባዕሉ ተለዊጡ ስድርኡ ሓጊዙ ሃገሩ ከማዕብል ተስፉ ዝተነበረሉ መንእሰይ ወለዶ፡ ብሽም ሃገራዊ ኣገልግሎት ተቖሪኑ፡ ጉልበቱ፣ ፍልጠቱን ሂወቱን ንከንቶ ከህልኽ ተፈሪዱ። መጻኢ ብሩህ ተስፋን ምዕባለን ሃገርና እናጸልመተ ከይዱ።

ኣብ ሜዳ ኤርትራ ብዘይወዓሎ ካብ ዝግበኦ ንላዕሊ ዝና ዝረኸበ ኢሳይያስ፡ ንህግሓኤ ከም ውልቀ ጥሪቱ ብሒቱ፡ ብዝሓንጸጻላ መስኖ ጥራሕ ክትፈስስ ብምግባር፡ ቤተ መንግስቲ ኣስመራ ምስ ኣተወ፡ በቲ ዝለመዶ ናይ በረኻ ሕግን ኣሰራርሓን ሃገር ከማሓድር ፈቲኑ፤ ግን ከኣ፡ ፍሽለትን ውድቀትን'ምበር፡ ዝንኡ ሰማይ ዝሰቅል ዓወት ክንናጸፍ ኣይተዓደለን። ዕጥቃዊ ገድሊ ብግበር ኣይትግበር ምምራሕን፡ ሃገርን ህዝብን ምምሕዳርን ፈጺሞም ዘይራኸቡ ብምዃኖም፡ በቲ ዝለመዶ ናይ በረኻ ወታሃደራዊ ሕጊ፡ ሃገር ክመርሓሉን ከመሓድረሉን ከምዘየብቅዖ፡ ኣብ ቅድሚ ዓይኑ እናረኣየ፡ መረረትን ጥርዓንን ህዝብታትና ኣብ ቅርዓት ክቕልቀል ምጅማሩ እናተገንዘበ፡ ናብ ቅኑዕ ጎደና ተመሊሱ፡ ነታ ብኸቢድ ዋጋ ዝተረኸበት ሃገርን፡ ምእንታኣ ኩሉ ዝኸእሉዎ ዝኸፈሉ ህዝብታታን ዝድብስ፡ ኣብ ቅዋም ዝተመስረተ ዲሞክራስያዊ ምሕደራ ከተኣታቱ ድሉው ኣይኮነን። እኳ ደኣስ ካልእ ንሃገር ህዝብን ዘዕኑ ሓደገኛ ኣንፈታት ክኽተል መሪጹ። ኣቓልቦ ህዝብታትና ናብ ደገ ንምጥምዛዝ፡ ከም ርጉም ኩኩናይ ንጎረባብቲ ሃገራትን መንግስታት ናብ ምትኳብ ተሰጋገረ። በዚ ምኽንያት ዘይተተንከፈት ሃገር ከምዘየላ ኩላትና እንስሕቶ ኣይኮነን።

ብሰንኪ እቲ ን20 ዓመታት ዝደፈነ ጎንጽን ዘይምርድዳእን መንግስታት ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብቐንዱ ግዳይ ዝኾነ ኣብ ከባቢ ዶብ ዝነብር ናይ ክልቲኡ ሃገራት ህዝብታት እዩ ዝብል፡ ቀልጢፉ ኣብ ኣእምሮና ዝመጸልና ገምጋም እዩ። ምኽንያቱ ዓውዲ ኩናትን ናይ ተፋጠጥ ዞባን ኮይኑ ዝጸንሐ እዚ ከባቢ'ዚ ስለዝኾነ። እዚ ገምጋም'ዚ ንሃገረ ኢትዮጵያ ሓቂ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዶብ ዝነብር ህዝቢ፡ በሰላ ኩናት ከም ዘይሓወየሉ ቀሪብካ ምምስካር ይከኣል። ንህዝብታት ኤርትራ ግን እቲ ኣብ ላዕሊ ዝተቐመጠ ገምጋም፡ ጎደሎን ዘይምሉእን እዩ። ብቐዳምነት፡ እዚ ናይ 2 ዓመት ደማዊ ኩናት፡ ካብ ናይ 30 ዓመታት መሪርን ነዊሕን ብረታዊ ተጋድሎና ዝኸፍአ ዋጋ ዝኸፈልናሉ እዩ። ብተወሳኺ ኣብ'ዞም ዝሓለፍናዮም ልዕሊ 16 ዓመታት ኣይ-ሰላም ኣይ-ኩናት፡ ኣብ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ውድቀት ዝተኖኽተ፡ ኣብ ከባቢ ዶብ ዝነብር ህዝብና ጥራሕ ኣይኮነን። ካብ ሰሜን ክሳብ ደቡብ፡ ካብ ምብራቕ ክሳብ ምዕራብ ዝነብሩ

ኤርትራውያን፡ መለሳ ዘይብሉ፡ ኣብ ከቢድ ማሕበረ ቁጠባዊ ውድቀት ተሳጢሖም እዮም። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ውድቀት ሃገርናን ህዝብታትናን፡ ብዜናን ኣብ ባይታ ብዘየለዉ ናይ ልምዓት ፊልምታትን ክሕባእ ዘይክእል፡ ገጸቡ ቀሊዑ፡ ሕሰሙ ፈጢጡ ዝርኣየሉ እዋን እዩ። ብኣንጻሩ እታ ምስ ሃገርና ኣብ ኩናት፣ ኣይ-ሰላም ኣይ-ኩናት ን20 ዓመታት ተጸሚዳ ዝጸንሐት ኢትዮጵያ ብሓፈሻ፡ ናይ ቀረባ ጎረባብትና ክልላት ትግራይን ዓፋርን ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ከመይ ዝመሰለ መንገዲ ሕውየት ክንዓዛ ጸኒሐን፡ ባይታአን ባዕሉ መስካሪ እዩ።

ካብ'ዚ ዝሓለፈ ናይ 20 ዓመታት መሪር ተሞኩሮ ተበጊስና ጥራሕ፡ ዝተፈላለዩ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ሕቶታት ክነልዕል ንግደድ፤ ንምንታይ ኣብ ሃገርና እናኸፍአ ዝሓድር ፖሎቲካዊ ፍሽለት፣ ኣጠቓላሊ ቁጠባዊ ውድቀት፣ ዘየቋርጽ ማሕበራዊ ምንቁልቋል፡..... ወዘተ ኢልካ ምሕታትን፡ ዘየማትኡ መልስታት ምቕማጥ የድሊ።

ኣብ'ዞም ዝሓለፉ 18 ዓመታት ኣብ ውሽጢ ሃገርና፡ ጎሊሁ ዝረአ ቀልብ'ኻ ዝሰልብ ጎንጺ ኣይጸንሐ። ፖሎቲካውን ማሕበረ ቁጠባውን ምንቁልቋልን ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎነትን ግን፡ መዋዕልትናን መታሓድርትናን ኮይኖም ጸኒሖም። ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ 15 ዓመታት ርኡይ ኩሉ መዳያዊ ምዕባለ ተመዝጊቡ፤ ኣብ'ዞም ዝደሓሩ 3 ናይ ቅልውላውን ግጭትን ዓመታት፡ ምጥፋእ ሂወትን ዕንወት ንብረትን ክረአ ጸኒሑን ኣሎን። ግን ከኣ ኣብታ ሃገር፡ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለታት ኣየቋረጸን። ንምንታይ ደኣ'ሞ ኣብ ኤርትራ ብተዛማዲ ቀልብ'ኻ ዘናውጽ ህውከትን ዕግርግርን ኣብ ዘይነበረሉ 18 ዓመታት፡ ቁጠባዊ ውድቀት ናብ ሕውየት፣ ማሕበራዊ ምዝንባል ናብ ምርግጋእ፣ በይናዊ ፖሎቲካዊ ስልጣን ናብ ኣሳታፊ ምኻን ክሰጋገር ዘይበቕዐ? ብኣንጻሩ፡ ቁጠባዊ መነባብሮ ህዝብታትና ካብ እዋን ናብ እዋን እናንቆልቆለ ከይዱ፤ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ብዘውጸኦ መምርሒ፡ ገንዘብ ዜጋታት ኣብ ባንኪ ተዓሺጉ፡ ብትኳቦ ዝዕደሉሉ፡ ክትገልጾ ዘጸግም ሽግር ወሪዱ ኣሎ። ፖሎቲካዊ ሂወት ሃገር ኣይኮነን ክሰፍሕ፡ ንባዕላ እታ ከም ሰልፊ ሃገር ትገዝእ ኣላ እትበሃል ህግደፍ፡ መሪሕነታዊ ዓንከላታ በብእዋኑ እናተመናንህ፡ ብርኡይ ኣብ ናይ ሓደ ውልቀ ሰብ ገባሪ ሓዳግነት ወዲቓ፡ መጻኢ ዕድል ሃገርና ናበይ ገጹ ከብል እዩ ዝብል፡ ብዓብይኡ ኣብ ዘሰክፍ ኩነታት ዝወደቕናሉ እዋን እዩ። ኣብ ዲፕሎማስያዊ መዳይ'ውን ጉጅለ ኢሳይያስ፡ ንጸቢብ ጉጅላዊ ረብሕኡ ክብል፡ ሰላምን ምርግጋእን ዞባ ብምዝራጉ፡ ንጥሩፋት ሓይልታት እናዕጠቐን እናመወለን ጎረባብቲ ሃገራት ክሕምስ ብምጽንሑ፡ ብተደጋጋሚ ማዕቀብ ክቕጻዕ ጸኒሑ። ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ዘውረዶ ከቢድ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፡ ብማሕበረ ሰብ ዓለምን መንግስታትን ክኹነን'ውን ጸኒሑ እዩ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስን ወይጦታቱን፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፍናዮም 18 ዓመታት፡ ኣብ ሃገርና ፖሎቲካዊ ህዳሰ፣ ቁጠባዊ ምብርባርን ማሕበራዊ ምርግጋእን ከየረጋግጹ ዝዓገቶም ግዳማዊ ምኽንያት ኣይነበሮምን። ኣብ ዕድመ ስልጣን ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ እናተዓዘብናዮ ዝመጻና ናይ ቀሚሽ ኣደይ ሓንኩሉኒ ምኽንያታት፡ ካብ ውድቀታትካ ዘይምምሃር፡ ብጸገምን ጭንቀትን ህዝብታት ካብ ዘይምግዳስ ዝነቅል፡ ፍጹም ጸረ ህዝብን ጸረ ዲሞክራስን ባህርያት ዝወለዶ ምኻኑ ጸሓይ ዝሃረሞ ሓቂ እዩ።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ እንተዘይተመልኪቱ፡ ዘተ ኮፍ በልና ማለት ዘበት እዩ ኢሉ፡ ሃገርን ህዝብን ናብ ዝኸፍአ ውድቀት ሸሚሙ ከብቅዕ፡ እነሆ ሎሚ፡ ከይሓነኸ ን16 ዓመታት ዝሓንገደሉ ጉዳይ ምምልካት ዶብ ራሕሪሑ፡ ውሽጣዊ ቅልውላው ኢትዮጵያን ዞባዊ ኩነታትን ልዕሊ ኩሉ ዘጨንቖ፡ ሓላፍነት ዝስመዖ መራሒ ክመስል፡ ናብ ቲቪ-ኤረ ተቐልቂሉ ክምድር ሰሚዕናዮ።

ከምዝፍለጥ እዚ ዕሉል ገበነኛ ውልቀ መላኺ፡ ስምምዕ ሰላም ከምዝተቐበሎ ኣብ መዓልቲ ሰማእታት ካብ ዘረጋግጽ፡ ናብ ሓሙሻይ ወርሑ ገጹ ይኸይድ ኣሎ። ልኡኻቱን ንባዕሉን ናብ ኢትዮጵያ ብተደጋጋሚ እናተመላለሰ፡ ርክባት'ውን እናካየደ ጸኒሑ፤ እንተኾነ ግን፡ ንህዝብታትና ብዛዕባ መስርሕ ሰላምን ኩነታት ምምልካት ዶብን ብዝምልከት፡ በብእዋኑ ሓበሬታ ከስንቕ ድሉው ኣይጸንሐን። ህዝብታትና እናወዓሉ እናሓደሩ ስክፍታታት ዘዛይዱሎም መግለጺታት፡ ካብ ላዕለዎት ሓለፍቲ ኢትዮጵያ ክሰምዑ ጸኒሖም። እዚ ክውንነት'ዚ ኣብ ኣባላት ህግደፍ'ውን ከይተረፈ፡ ምዕዝምዛምን እንታይ ጉዱ ምባልን ብሰፊሑ እናዛየደ መጺኡ። በቲ ካልእ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ተኾሚሮም ዘለዉ ጸገማት ንምቅላል ዝተወስዱ ስጉምታት ከምዘየለዉ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እናሃለወ፡ ኣብ መንግስታት ኣፍሪቃ ርኡይ ናይ መርገጺ ምግልባጥ ክንጸባረቕ ጀሚሩ። ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ህግደፍ ተበይኑ ዝጸንሐ ማዕቀብ ክላዓል ኣሎዎ ዝብል ወፈራ እናተኻየደ ጸኒሑ፤ ሕሉፍ ሓሊፉ፡ ኣብ ኣኼባ ኮምሽን ሰብኣዊ መሰላት ዓለምና፡ ፍልይቲ ራፖርተር ጉዳይ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ኤርትራ ወ/ሮ ሼላ ኬታሩት ዘቕረበቶ፡ ናይ ዝኾነ ይኹን ሓይሊ ጸጊዕነት ዘይብሉ፡ ኣብ ባይታ ኤርትራን ኣብ እንግድዓ ህዝብታትናን ዘሎ ኩዉን ሓቂ ዘንጸባርቕ ጸብጻብ፡ ጉጅለ ልኡኽ ኣፍሪቃ ብእኩብ ይኹን በብውልቀ፡ ንፖሎቲካዊ መዓላ ዝተዳለወ እዩ፤ ተራእዮም ዘለዉ ምዕባለታት ምትብባዕ፡ ብቐጻሊ ምዝታይን የድሊ ብምባል፡ ኣብ ጎድኒ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ክውግኑ ተራእዮም። ድሕሪ ስምምዕ ሰላምን ምኽፋት ዶብን፡ ብ10ተታት ኣሽሓት ኤርትራውያን ዓዶም ገዲፎም ዑቕባ ክሓቱን ኣብ ካምፒታት ክኣትዉን ዝውዕሉላ ዘለዉ ኢትዮጵያ፡ ብወኪላ ዝቐረበ መደረ ድማ ዘደንጹ እዩ። እዚ ብርእዮ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝተፈጸመ በደል እዩ። ኤርትራ ን27 ዓመታት ብዘይ ቅዋም፡ ብገባርን ሓዳግን ኢሳይያስ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ዜጋታት ብዘይ ንሕስያ  እናጨፍለቐ እንከሎ፡ ብሽም ስምምዕ ሰላምን ምኽፋት ዶብን፡ ኩሉ ሓጥያቱ ተሓጢጡ ከምዝተኣልየ ዘስምዕ ኣቀራርባን ዝምድናን ይረአ ኣሎ።

ብርግጽ፡ መድረኻትን መልክዓቶምን ክፈላለ እንተዘይኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዝተፈላለዩ ጥልመታት ተራእዮም እዮም። ከም'ቲ ኣብ ዘበነ መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ ኣብ ጎድኒ  ሃጸይ ሃይለስላሴን ፋሽስት መንግስቱን ተሰሊፉ፡ ንሕቶ ነጻነት ህዝብታት ኤርትራ ሕቘኡ ዝሃቦ፡ ነቲ ዝወርደና ዝነበረ ግፍዓዊ በደል ሰሚዑ ከምዘይሰምዐ ዘጽቅጥ ዝነበረ፡ እነሆ ድማ ሎሚ፡ ብርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝወርድ ዘሎ ዘይተኣደነ ግህሰት ሰብኣዊ መሰላት፣ ቅዋም ኣልቦ ስርዓተ ምምሕዳርን መዘዛቱን ኣቓልቦ ብምኽላእ፡ ኣብ ጎድኒ'ዚ ጨካንን ዲያብሎስን ስርዓት ወጊኑ ኣሎ። እዚ እንርእዮ ዘሎና ዳግም

ጥልመት፡ ከም'ቲ ሕሉፍ ነጻነታዊ ተጋድሎና፡ መሊሱ ከሐርነና፡ ሓድነትና ኣጠናኺርና፡ ኣንጻር ደመኛ ጸላኢና ኢሳይያስን ጉጅልኡን ብተወፋይነትን ብጽንዓትን ክንቃለስ ኣብ እጥለበሉ ሓድሽ መድረኽ ኣቲና ኣሎና።

ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ፡ ድሕሪ ከባቢ ሓሙሽተ ወርሓት፡ ናብ ቲቪ-ኤረ ቀሪቡ ቃለ መሕትት ክገብር ዝተገደደ፡ በብእዋኑ ኣብ ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ኣብ ኣባላት ህግደፍ ድማ ብፍላይ እናማዕበለ ዝመጸ ቅሬታ ዝደረኾ ምኻኑ ርእሰ ግሉጽ ሓቂ እዩ። ብርግጽ ኢሳይያስ፡ ሕቶታት ህዝብታትና ብሓፈሻ፡ ዓምዒምታ ኣባላት ህግደፍ ድማ ብፍላይ፡ ብቐንዕና ንምትህድዳእ ዓሊሙ ናብ ሚድያ ከምዘይቀረበ ዝሰሓት ኣይነበረን። እንተኸኢሉ ኣህውቲቱ ዝተለሞ ክገብር፡ እንተዘየለ ድማ፡ ኣብ ትበጽሑዎ የብልኩምን ዝብል ቁርጽ ዝበለ ናይ ብደዐ መልእኽቲ ንምምሕልላፍ እዩ፡ ኣዋርሕ በሊዑ ኣረጊት ስልትታቱ ኣሐዲሱ ክቐርብ ዝፈተነ።

ከምዝፍለጥ፡ ኩናት ዶብ ባዕሉ ኢሳይያስ ምስ መማኽርቱ ብዝወጠኖ ዝተወልዐ ምኻኑ፡ ብኮምሽን ዶብ ዝተረጋገጸ'ኳ እንተኾነ፡ መንግስቲ ወያነ ሕልሚ ኣቦታቱን ኣቦ-ሓጎታቱን ደጊሱዎ፡ ብምዕባለ ኤርትራ ቀኒኡ፡ ብመንፈስ ሕስድና፡ ልኣላውነትን ነጻነትን ኤርትራ ንምጉዕጻጽ ዝወልዖ ወራር ምኻኑ ከእምን፡ ብኹሉ ዓቕምታቱ ላሕ ከምዝበለ እንፈልጦ እዩ። ብዙሕ ክፋል ካብ ህዝብታትና ብሓፈሻ መንእሰያትና ድማ ብፍላይ። ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ፡ በዚ መርዛም ፕሮፖጋንዳ'ዚ ተደናጊሮም፡ ሂወቶም፣ ንብረቶም፣ ወርቆምን ጨርቆምን ከይበቐቑ ብምውፋይ፡ ናብ ግንባር ዓውዲ ኩናት ዝጠንጉ፤ ዝተዋግኡ፤ ዝሞቱን ዝቖሰሉን፤ ኩናት ምስ ዓረፈን ኮምሽን ዶብ ውሳኔኡ ምስ ኣፍለጠን ድማ፡ ኩነታት ቀልጢፉ ናብ ንቡር ቦቱኡ ክምለሰን፡ ውሽጣዊ ፖሎቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጸገማቶም ክፍታሓሎም ሃንቀው ዝበሉ። ይኹን'ምበር ውልቀ መላኺ ኢሳይያስ፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ብዘተ ኣብ ባይታ ከይምልከት ስለዝሓንገደ፡ መከርኦም ካብ እዋን ናብ እዋን እናኸፍአ ከይዱ፤ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ወገናትና፡ ናብ ስደት ክቃልዑ፣ ኣብ ምድረ-በዳን ባሕርን ክቕዘፉ፣ ኣብ ቤት ማእሰርቲታት እናተዳጎኑ ኣብ ዝኸፍአ ስቓይ ክወድቁ ጸኒሖም እዮም።

ገባቲ ኢሳይያስ፡ ኣብ'ዞም ዝሓለፍናዮም 20 ዓመታት፡ ብዶብ ኣሳቢቡ፡ ነጻነትን ልኣላውነትን ኤርትራ ንምጉዕጻጽ ዝተበገሰ መንግስቲ ወያነ'ምበር፡ ቀንዲ ተሓተቲ ሰለስተ ስርዓታት ኣሜሪካ እዮም ክብል ተሰሚዑ ኣይፈልጥን፤ እንተበዝሐ፡ ንመንግስቲ ወያነ ኣጆኻ በሃልትን ደገፍትን እዮም እናበለ ክኸሶም፡ ደጋጊምና ክንሰምዖ ዝጸናሕና እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ግን፡ ነገራት ኮር ተገልበጥ ኮይኑ፡ ካልእ ድርሳነ ታሪኽ ተሰኪዑ፤ ቀንዲ ተሓተቲ ኾናት ዶብ ሰለስተ ስርዓታት ኣሜሪካ ምኻኖም ኣብ ቃለ መሕትት ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ዝሰማዕናዮ መስተንክር ጽውጽዋይ እዩ። ተራ መንግስቲ ወያነ ኣብ ኩናት ዶብ ብሳልሳይ ደረጃ ዝተሰርዐን ናይ ምብላሕ ተራ ጥራሕ እዩ ነይሩዎ ኢሉ፤ እዚ ድማ፡ ካልእ ተወሳኺ ላግጽን ኣሽካዕላልን ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ምኻኑ ክስመረሉ ኣሎዎ። ትማሊ ትማሊ፡ ውሳኔ ኮምሽን ዶብ ኣብ ባይታ ከይተመልከተ፡ ምስ መንግስቲ ኢህወደግ ዘተ ኮፍ ኣይንብልን ኢሉ ሓንጊዱ ዝጸንሐ ሰንካም ኢሳይያስ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ብቕዳምነት ዘገድሶ ቅልውላው ኢትዮጵያ ምፍታሕ፡ ዞባዊ ምውህሃድ ክፍጠር ምግባር፡ ዘይስገር እዋናዊ ኣጀንድኡ ገይሩ ከምዝርእዮ ኣመልኪቱ ኣሎ። ጉዳይ ምምልካት ዶብ፡ ብቕዳምነት ከምዘይሰርዖ ኣብ'ታ ፈለማ ዝቐረበትሉ ሕቶ፡ መልሲ ክጅምር እንከሎ ዘተንበሆ ጉዳይ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ካብ'ዚ ቃለ መጠይቕ'ዚ መሊእና ዝተገንዘብናዮ ሓቂ እንተሃለወ፡ ውጥን ኢሳይያስን ትጽቢትን ሃንቀውታን ህዝብታትናን፡ ፈጺሙ ዘይጠዓዓም ተመዓዳዳዊ ምኻኑ እዩ። ናይ ኤርትራ ልኣላውነትን ነጻነትን፡ ዶባታ ብንጹር ብምምልካት፡ ዘተኣማምንን ዘላቕን ውሕስነት ከምዘረጋግጸሉ፡ በሪሁ ዝሓደረ ሓቂ እናሃለወ፡ ርእሰ ፋሽስት ኢሳይያስ ግን፡ ጎስዩዎ ክሓልፍ ምምራጹ፡ 'እዛ ብርኩታ እምኒ ኣላታ' ከምዝብል ካብ ማንም ኤርትራዊ ዝተሰወረ ምስጢር ኣይኮነን። እምበኣርከስ ጉዳይ ሃገርናን ሕቶታት ህዝብታትናን፡ በብእዋኑ ብካልእ መልክዕ ብደሆታት እናተሓላለኸ ኣብ ዝኸደሉ ሓዲሽ መድረኽ ምህላውና ዘይሕባእ ኮይኑ ኣሎ።

ስለዝኾነ'ውን ኩላትና ደለይቲ ዲሞክራስያዊ ለውጢ ኤርትራውያን፡ ንህልው ክውንነት ሃገርናን ህዝብታትናን ብሓላፍነታዊ ዓይኒ ክንምርምሮ ኣብ እንሕተተሉ ተኣፋፊ ሓድሽ መድረኽ ኣቲና ምህላውና ክነስተውዕል ይግባእ። ንሕሉፍ ተሞኩሮታትና ብግቡእ ገምጊምና፡ ካብኡ ክርከብ ዝኽእል ትምህርቲ ንምሕፋስ ምጽዓር ናይ ለባማት እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ግን፡ ምስ ውልቀ ክብርታት ኣተኣሳሲርካ ኣብ ዝኣረገ ኣጀንዳ ሕኒን እናበልካ ምቕጻል ኣየዋጽእን። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኩላትና ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ሓደ እዋን፡ ኣብ ሓደ መስርዕ ዘይተሰለፍና ኢልካ ምጽባይ'ውን ክውንነታዊ ኣይኮነን። እነሆ'ኳ ኣብ'ዚ ሓድሽ መድረኽ'ዚ፡ ኣከዋውናና ባዕሉ ይምስክር እዩ። ስለዚ እዚ ሓድሽ መድረኽ'ዚ፡ ዝኸኣለ ዝጎየሉ፡ ዘይከኣለ ድማ ሰለይ እናበለ ከርክብ ዕድል ዝወሃበሉ፡ ኣብ ደውታ ዝኣተወ ድማ፡ ካብ መስርዕ ተኣልዩ ዕረፍቲ ዝወስደሉ ተኣፋፊ እዋን እዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ንሓድሽ መድረኽ ዝበቅዕ ቅኑዕ ራእይ ተሓንጊጥና፡ ሓድነትና ኣስጢምና፡ ብተወፋይነትን ብጽንዓትን ንውዲታት ርእሰ-ፋሽስት ኢሳይያስን ወይጦታቱን መኪትና ብምስዓር፡ ድሕነትን ቀጻልነትን ህዝብታትናን ሃገርናን ክነረጋግጽ ይህልወና። ውድብና ሰደግኤ ኣብ ክሊ ኤርትራዊ ግንባር(ኤሃግ) ኮይኑ፡ በዚ ኣንፈት'ዚ ክቃለስ ወትሩ ድሉው እዩ።

ቤት-ጽሕፈት ዜናን ባህልን፡
ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
15 ሕዳር 2018 ዓ.ም.